# መንግስቲ ካሊፎርንያ፡ “ምዓልቲ ናጽነት ኤርትራ” ፈሊጡን ኣዊጁን



ኣባል ባይቶ ካሊፎርንያ ሳንድረ ስዋንሶን

ዕለት 20 ግንቦት፡ ድሮ ናይቲ ኣብ ኦክላንድ ዝተጸንበለ ብዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ መወዳእታ ስዓታት ናይታ ምዓልቲ፡ ፍሉይን ኣገዳስን ሓበሬታ ዘማሓላልፍ ጽሑፋት ኣብ ኢንተርነትን መርበብ ሓበሬታን ብቕጽበትን ብጻዕቅን ተፈንዩ ኔሩ። እቲ መደብ፡ ቅድሚኡ ዝነበረ ምዓልታትን ኣዋርሕን ክስረሓሉ ዝጸንሐ ይኹን እምበር፡ ክሳብ ስዓት 4፡00 ድ.ቀ. ናይዚ ዝተጠቕሰ ዕለት፡ ትግባሬኡ ዝተራጋገጸ ኣይነበረን።
ከንቲባ ከተማ ኦክላንድ፡ ብዝነበራ ጻዕቂ ስራሓትን መገሻታትን፡ ኣብ ጽንብልና ክትመጽእ ድሌታ ከምዝኾነ ሓቢራ’ኳ እንተነበረት፡ ውሳኔኣ ግን ኣብዚ ዝተጠቐሰ ስዓት ኢዩ ተረጋጊጹ። ተማሳሳሊ፡ ኣባል ባይቶ ምምሕደር መንግስቲ ካሊፎርና፡ ሳንድረ ስዋንሶን (Sandre’ Swanson)፡ ምስታፍ ፍሉይ ሚዘን ዝሓዘ ኢዩ። ንውልቁ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንባይቶ ካሊፎርንያ ወኪሉ፡ ነቲ ባይቶ ካሊፎርንያ ዘሕለፎ ውሳኔን ዘጽደቖ ኣዋጅን ሒዙ ብኣካል ክሳተፍ ምምጽኡ፡ ካብ ዝተገብረሉ ትጽቢት ንላዕሊ ኢዩ።
ብተበግሶ ኣባል ባይቶ ሳንድረ ስዋንሶን፡ ኤርትራ፡ ከም ሃገር ንክትፍለጥ፡ “ምፍላጥ ዕለተ ናጽነት ኤርትራ”፡ ዝብል ኣጀንዳ ኣብ ዘተ ወሪዱ ክትዕ ተኻይድሉ። ብመሰረት’ቲ ዝቀረበ ጸብጻብን ገምጋም ታሪኽ ኤርትራን፡ እቲ ባይቶ፡ ኣዋጅ ኣፍልጦ ኤርትራ ክዝርጋሕ ተሳማመዐ። ከም ኣጋባብ፡ ወከልቲ ማሕበረኮም ኤርትራ ኣብ ህንጻ መንግስቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ስነስርዓት ምርካብ ሰርቲፊከት ናዩ ኣፍልጦ ክውሃብ’ዩ ኔሩዎ። እንተኾነ፡ ነቲ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ዝገብርዎ ዝነበሩ ምቅርራብ ጽንብል ናጽነት ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ወኪል ባይቶ፡ ኣብቲ ብዓል ነጻነት ዝኽበረሉ ቦታ ተረኺቡ፡ ነቲ ኣዋጅ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ከንብቦ ከምዝሓይሽ ተሳማመዐ፡፡ እዚ ከምዝግበር ንምሕባር’ዩ ዓርቢ ስዓት ኣርባዕተ መምርሒ ዝተማሓላለፈ። በዚ መሰረት’ዩ ድማ ኣብ ኣማስያ ናይዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ናብ ህዝቢ ኣብ ዝቐልጠፈ ክመሓላለፍ ዝተደልየ።
እቲ ወትሩ ፈስቲቫላት ኤርትራ ዝእንገደሉ ሰፊሕ ኣዳራሽ ሆጭ ኢሉ ኣብ ዝመልኣሉ፡ ከንቲባ ኦክላንድ ምስ ብዓል ቤታን ወኪል ባይቶ ካሊፎርንያን፡ ዊልያም ጆንስ (**William Jones**) ብመንእሰይ ሳዋይት እስቅያስ ተመሪሖም ናብ መድረኽ ኣብ ዝደየብሉ፡ ህዝቢ ብነጎዳዊ ጨብጨባን ዕልልታን ፋጻን ተቐበሎም። ኣጋይሽን ህዝብን፡ ሰማእታት ኤርትራ ንምዝካር፡ እቲ ልሙድ ኤርትራዊ ባህሊ ናይ ደቓይቕ ጸሎተ ሕልና ኣብ ዝተፈጸመሉ። ሚስተር ዊልያም፡ ባንዴራ ኤርትራ ኣብ ኢዱ ሒዙ፡ ብምስጋናን ኣድንቖትን ዝተሰነየ ቃላት፡ ንኣበርክቶ ኤርትራውያን ኣብ ካሊፎርንያ ኣሞጎሰ። “ኣበርክቶ ኤርትራውያን ኣብ ባህላውን ቁጠባውና ሸነኻት፡ ኣድማዕነቱ ልዕሊ ቁጽሮም’ዩ”፡ ክብል ነኣደ፡፡ ባህሎምን ታርኾምን ንምዕቃብ ዘካይድዎ ተባዕ ቃልሲ ብምንኣድ፡ ኣብ ውሽጡ ዝስምዖ መንፈሳዊ ቅንኢ ንምግላጽ፡ “እዞም ኣቐዲምና ዝተሰደድና፡ መቦቆልና ካበይ ምኳኑ ዘይምፍላጥ፡ ጌና መልሲ ዘይረኸብናሉ ተርእዮ ኢዩ”፡ ክብል ብምምዳር፡ “ኣነ ሎሚ፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ድሙቕ ጽምብል ናጽነት ብምርካበይ፡ ኤርትርዊ ዝኾነኩ ይስምዓኒ’ሎ”፡ ክብል፡ ውሽጣዊ ስምዒቱ ንህዝቢ ኣካፈለ።
ከንቲባ ኦክላንድ፡ ጂን ኳን፡ ሞግልሒ ድምጺ ካብ ሚስተር ዊልያም ብምቕባል፡ ነቲ ኣብ እዋን ጎስጓሳት ንምርጫ፡ ኣብ ክበብ ኤርትራውያን ኦክላንድ ብምኻድ ዝተጓነፋ ተዘክሮታት ጠቐሰት፡ ባህላዊ መግቢ ኤርትራውያን፡ ብኣባላት ማሕበረኮም ዝቐረባ ሕቶታት፡ ንክትምረጽ ዝተገብረላ ምትሕብባር ብምዝካር ኣመስገነት። “ምሳኹም ብምርኻበይ፡ ፍልልይ ኣስማት ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ተረዲአ”፡ ድሕሪ ምባል፡ “ኣብዛ ብሓባር ንነብረላ ከተማ፡ ንሓባራዊ ጠቕምን ንለውጥን ተላፊና ክንሰርሕ ጽቡቕ ዕድል ኣብ ቅድሜና’ሎ”፡ ድሕሪ ምባል፡ ከም ጥርኑፍ ማሕበረኮም መጠን፡ መንእሰያት መበቆሎም ከይርስዑ ዝካየድ ንጥፈታት ኒኢዳን ሞጒሳን። ኣብ መደምደምታ፡ እቲ ምምሕዳር መንግሲት ካሊፎርንያ ዝለኣኾ ምስክረ-ኣፍልጦ ሃገር፡ ገለ ክፋል ካብቲ ጽሑፍ ብመንሰይ ሳዋይት ምስ ተነበ፡ ንህዝቢ ኣወፍዮሞ ተሳናበቱ።
ብድሕሪ’ዚ፡ ነዚ ረዚን ፖለቲካዊ መኸሰብ እናስተማቐረ፡ ህዝቢ፡ ኣብቲ ፍሉይ ባህታ ዝህብ ሃዋሁው ብምዝንጋዕ፡ መበል ዕስራ ዓመት ጽንብል ናጽነቱ፡ ብሳሓቕን ሳዕስዒትን ንድምቀት ኣውደኣመቱ ከዕዝዝ ሓደረ።



መንእሰይ ሳዋይት ኢስቅያስ፡ ብዛዕባ’ቲ ኣዋጅ “ኣፍልጦ ነጻነት ኤርትራ” ብባይቶ መንግስቲ ካሊፎርንያ፡ ንህዝቢ መግለጺ እናሃበት።